# ቊንጣሮ ካብቲ ብርኩት

`` ጥቕሲ ናይ ሓርበኛ ኣቦና ኣቶ ወልድኣብ ወልደማርያም ``፡

ጽሑፍ ኣይመውትን'ዩ ከምዝበሃል ፡ እስከ ንመልከት እዛአ ምሃሪት ዝኾነት ቅድሚ 65 ዓመት ኣቢላ ብሓርበኛ ኣቦና ኣቶ ወል-ወል ፡ ዝተጻሕፈት ፡ ምኣዛ ቁምነገራ ክሳብ ሕጂን ንብድሕሪ ሕጂን ተደላይን ክንገብሮ ዝግብኣናን ጥቕሲ እያ ፡ ዝተጻሕፈትሉ ዕለትን ዓመተምህረትን ብርግጽ ፡ ሰሙናዊ ጋዜጣ ቁ.75... ዕለት 31/01/1944 ዓ.ም ፡

^^ ሰብ ናይ'ታ እተወልዳላ ቤት ጥራይ ኣይኮነን ፡ ሰብ ናይ'ታ ስም ዝሃበቶ ስድራቤት ጥራይ'ውን ኣይኮነን ፡ ንሱ ካብ'ታ ክውለድ እንከሎ ዝርኣየቶ ቤት ኣዝያ እትዓቢ ካልእ ቤት ኣላቶ ፡ ንሳ ድማ ሃገሩ እያ ፡ ንሱ ካብቶም ብኽንደይ ክንክንን ፍቕርን ዘዕበይዎ ወለዱን ኣሕዋቱን ኣዝዮም ዝበዝሑን ዝተፈቐሩን ፡ ካልኦት ወለድን ኣሕዋትን ክኣ ኣሎውዎ ፡ ንሳቶም ድማ ደቂ ሃገሩ እዮም ^^

እቲ ናይ ሓቂ ሰብ ቅድሚ ኩሉ ንፈጣሪኡን መድሓኒኡን ማለት ንኣምላኽ ከፍቅር ይግብኦ ፡ መኽንያቱ ኣምላኽ እምነት ስለዝኾነ ፡ እምነት ክኣ ፍቕሪ ስለዝኾነ ፡ ስለዚ ካብዚ ምርኩስ ብምግባር ፡ ንስድራቤቱ ከፍቅር ፡ ቀጺሉ ድማ ንሃገሩ ከፍቅር ይግባእ ፡ እቲ በዚ መንገዲ ተር ኢሉ ዘይኸይድ ሰብ ፡ ሃገረይ የፍቅር እየ ዝብል ናይ ብሓቂ ግጉይ እዩ ፡ መኽንያቱ በቲ ሓቀኛ መንገዲ ስለዘይመጸ ፡ ( ሓደ ንወለዱን ንኣሕዋቱን ዘየፍቅር ሰብ ፡ ከመይ ኢሉ ንሃገረይ የፍቅር እየ ዝብል ) ? ፍርሃተ ኣምላኽ ዘይብሉ ከመይ ኢሉ ፍቕሪ ህዝቡን ሃገሩን ክብረት መንግስቱን ክህልዎ ፡

- ፍቕሪ ንኣምላኽካ ማለት ፡ ምእዙዝነት ፡ ፍትሓውነት ፡ ተበጃውነት ፡ ሕጋውነት ፡ ግሉጽነት ፡ እምነት ክኸውን እንከሎ ፡
- ፍቕሪ ሃገር ማለት ክኣ ብዓቢኡ ፡ እቲ ህዝቢ ስለዝኾነ ፡ ፍቕሪ ንህዝብኻ እዩ ፡

~ ፍቕሪ ተፈጥሮ እዩ ፡ ግናኸ ፍቕሪ ትምህርቲ'ውን እዩ ፡ ፍቕሪ ማለት ምልምማድ እዩ ፍቕሪ ካብ እምነት ይውለድ ፡ ስለዝኾነ ክኣ'ዩ ካብዝኾነ ዝሕረን ዝምረጽን ፡ ስለምንታይ ዑፍ ከይተረፈት ቤታ ተፍቅር ? እዛ ዝተፈንፈነት ወኻርያ እንተኾነት'ውን ጉድጓዳ ተፍቅር ? ንሕናውን ገዛና እቲ ዝሕብሕበና ህዝቢ ኮይኑ ፡ ብፍቕርን ሓድነትን ዝማዕረገ ህዝቢ እቲ ውቁብ ኣደራሽና ማለት ይኸውን ፡

~ ፍቕሪ ትምህረቲ እዩ ፡ በዚ ኣብ ላዕሊ ከምኣብነት ተጠቒሱ ዘሎመንገዲ ስለዝኸይድ ፡ በዚ መሳልል ኣቢሉ ክኣ እናደየበ ኣብ ብራኸ ናይ ፍቕሪ ይበጽሕ ፡ በዚ ሓቀኛ ፍቕሪ ተኾስኪሱ ዝዓበ ሰብ ፡ ምእንቲ እቲ ዘፍቅሮ ህዝቡን ሃገሩን ፡ ሂወቱን ከይተረፈ ክብጀወሉ ቁርብነቱ ዘረጋገጸ እዩ ፡

~ ፍቕሪ ማለት እምነት እዩ ፡ እምነት ክኣ እቲ ዝልዓለ ኪዳን እዩ ፡ ኣብሞንጎኻን መንጎ ህዝብኻን ዝህሉ ኪዳን ፡ እቲ ፍቕሪ ዝበልናዮ ሰሪቱ ዝነደቖ ፡ ማንም ነውኒዉ ከውድቖ ዘይኽእል ደርማስ ሓይሊ እዩ ፡ ስለዚ እቲ ውቁብ ብጠራሙዝ ዘጌጸ ኣደራሽ ብናይ ሓንቲ ካልኢት ምንቅጥቃጥ መሬት ክትሓማሸሽ ንርእዮ ኣለና ፡ ኣብ ልብታትና ዝተነድቀ ኪዳናዊ ፍቕሪ ግን ንክንደይ ሽግራት በዲሁ ፡ ንክንደይ ተጻባእቲ ቀቢሩ መሊሱ ክስስንን ክምዕብልን እንዕዘቦን እንነብረሉ ዘለና ኤርትራዊ ሂወት እዩ ፡

~ ሃገር ማለት እምባታት ጎላጉል ውሓይዝ ቀላያት አደራሻት ሓወልትታት ኣይኮነን ፡ ሃገር ማለት ሰባት ( ህዝቢ ) እዩ ፡ እቶም ኣብ መሬት ኣቦታትካን መሬትካን ዝነብሩ ፡ ሕብርኻ ዝሕብሮም ፡ ልሳንካ ዝልሳኖም ፡ ሰባት ፡ ንሳቶም እዮም ሃገርካ ፡ ንሳቶም እዮም ሂወትካ ፡ ንሶም ስለዘለዉ እዩ ህላውነትካ ውሑስ ዝኸውን ፡ ንኣታቶም ዘይተፍቅሮም

# ቊንጣሮ ካብቲ ብርኩት

እንተድኣ ኮይንካ ግን ፡ ሃገርካ ዘይተፈቅር ሰብ ምኳንካ ኣጸቢቕካ ተረዳእ ፡ እንተሃብተምካ ፡ እንተፈከርካ ፡ ኣብ ህዝቢ ሽብን ጉብን እንተኣእቶኻ ፡ ፍቕሪ ሃገር ዝመስሎም ብዙሓት ዝተደናገሮም ዓያሹ ኣለዉ ፡ እዚ ግና ካብ ነብሰፍትወት ሓሊፉ ፡ በለጽ እዩ'በር ፡ ጥቓ ፍቕሪ ሃገር ፈጺሙ ቀሪቡ ኣይፈልጥን ፡

~ ፍቕሪ እቲ ቀዳማይ መሰረቱ ፈሪሃ እግዝኣቢሔር እዩ ፡ እቲ ካልኣይ መሰረቱ ክኣ ፍቕሪ ብጸይካን ጎንኻን ሃገርካን እዩ ፡ እቲ በዚ መንገዲ'ዚ ንሃገሩ ዘፍቅር ሰብ ፡ ምንም እኳ ካብኩሉ ዝወሓደን ዝደኸመን እውን እንተኾነ ፡ እቲ ካብኩሉ ዝበርትዐን ዝሓየለን ኮይኑ ፡ ኣብ መወዳእትኡ ክኣ እቲ ዝዕወት እንኮ ንሱ ጥራይ እዩ ፡ ስለምንታይ እንታልና ብሃልሃልታ ፍቕሪ ዝተነድቀ ሓድነት ፡ ንሓጺን ስለዘመክኽ ፡ እብ እትገብሮ ኩሉ ዓወት ክትረክብ እንተደሊኻ ፡ ህዝብኻን ሃገርካን ከተፍቅር ይግብኣካ ፡ ንፍቕሪ ሓደ'ኳ ከሰንፍኻ ዝኽእል ሓይሊ የሎን ፡ መኽንያቱ ፍቕሪ እምነ ኩርናዕ ናይ ሓደ ህዝቢ ስለዝኾነት ፡

~ ፍቕሪ ንሓቂ ክትደሊ ኮቶ ኣይክትሕለልን ኣይክትድሃልን ኢያ ፡ ኣብ መወዳእትኡ ክኣ ፡ ንሓሶትን ብድዐን ቀቢረን ፡ ፍቕርን ሓቅን መሳንይቲ ስለዝኾና መናብርቲ እየን ፡ እቲ ህዝቡን ሃገሩን ዘፍቅር ኩሉ ግዜ እታ ዓወት ናቱ እያ ፡

ዓወት ንሓፋሽ !